**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላምመድሓኔ ዓለምቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

Holland.

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**

**1 ታሕሳስ 2010 ዓ.ም፡ግ.**
**09 ትሕሳስ 2017**
**ደ/ሰ/ማኣ/ኣ 2010-35**

ብስም ኣብ፡ ወልዲን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላክ። ኣሜን።

ትብጻሕ ናብ፣ ኣባላት ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድን፣ ኩልኹም ምእመናን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያንን፣

ሰበኻ ጉባኤ፡ **ንኣበዓዕላ ልደት ሰንበት 29 ታሕሳስ 2010 ግዕዝ / 6 ጥሪ 2018 ዓ.ም.ፈ** ዝምልከት እዚ ዝስዕብ ክንሕብረኩም ንፈቱ፥
ካብ **ቀዳም ዕለት 06-01-2018 ዓ. ም. ፈ. ምሸት ሰዓት 21:00** ጀሚሩ፡ ልደት ኣብ ቤተ ክርስትያንና፡ ኣብ መዓልቱ ከነብዕሎ ንኽእል ኣሎና ። ክትሓድሩ ንእትደልዩ ቅዳሴ ካብ ፍርቂ ለይቲ (00:00 ክሳ ብ 2:00) ወጋሕታ ክትካፈሉ ደስ ይብለና።

ኣብ’ ዚ ኣጥቢቕና ክንሓቶ እንደሊ፡ ሰዓት 20:00 እቶም ወነንቲ ቤተ ክርስትያን፡ ጉባኤኦም ወዲኦም ካብ ቤተ ክርስትያን ዝወጹላ ሰዓት ኢያ። ንሕና ክንኣቱ፡ ንሰም ክወጹ፡ ናይ ትራፊክ ጻዕቂ ከም ዘጋጥም ተረዲእና፥

1- ንሳቶም ከይውጹ እሞ ቀጽሪ ነጻ ከይኰነ፡ ናብኡ ይኹን፡ ናብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያንምእታው የለን፣
2- ንሳቶም መካይኖም ኣልዒሎም ክወጹ እንከለዉ ትራፊክ ከይበዝሕ፡ ሰብ መኻይን ምእመንና፡ ንጊዜኡ ከይትኣትዉ ብምባል ኣጥቢቕና ነተሓሳስብ። ኣሕዋት ዝተሓባበሩና ኣብኡ ክንምድብ ኢና’ሞ ሓደራ ስምዕዎም (ተሓባበሩዎም ) ብምባል ብኽብሪ ንጽውዕ።

**ኣበዓዕላ ልደት 29 ታሕሳስ 2010 ግዕዝ (6 ጥሪ 2018**) እምበ ኣር ብኣጠቓላሊ ከም’’ዚ ይመስል፥

ሀ- ምሸት ቀዳም ካብ ሰዓት 21:00 - 22:00 ምእመናን ይጋብኡ
ለ- ካብ ሰዓት 00፡00 - 2:00 (ሰንበት ወጋሕታ) ቅዳሴ
ሐ- ካብ ሰዓት 3:00 መደባት ንኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስትያን ዝሓድሩ ሰብ ርሑቕ ቦታ
መ- ሰዓት 7:30 እቶም ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝሓደሩ ምእመናን፡ ናብ ቦትኦም ክምለሱ ይወጹ። ቤተክርስትያን ሰዓት 8:00 ይዕጾ።

## መተሓሳሰቢ፥

- ኩሉ ሓደ ክፈልጦን ከተግብሮን ዘለዎ፡ ኣጥቢቕና እንላበዎ ፡ ወነንቲ ጉባኤኦም ወዲኦም ካብ ቀጽሪ ቤተ ክርስትያን ከይወጹ፡ ናብ ውሽጢ ቀጽሪ ምእታው ክልኩል ኢዩ። ንከባበር! ንኽብርና ስለ ዝኾነ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ዝረኣዮ ጉድለት ሸለል ኢሉ ኣይሕለፎ። ዘይፈለጠ ሰብ ይኹን ዝጋገ ሰብ ምእራም ግቡእ’ዩ።

- ዝጓሓፍ ዘበለ ናብ መጕሓፊ ክንጕሕፎን፣ ንኩልና ዝምልከት ስለዝኾነ፡ ኣምላኽ ከኣ ስለ ዝፈትዎን ክምኡ ክንገብር፡ ልዑል ኣምላኽ ልብናን ዓይንናን የብርሃልና። ኣሜን።
እዚ ሓበሬታ ናብ ኣባላት መድሓኔ ዓለም ክለኣኽ ኢዩ። ኣብ ወብሳይትና እውን ክወጽእ ኢዩ። ስለዚ ተኸታተሉ።


***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
Email:
**debreselammedhaniealem@gmail.com**
**Amstelveenseweg-965**
**1081JG Amsterdam**
**Nederland**